# ፍትሓዊት

“ፍትሓውነት ካብ ነብስኻ'ዩ ዝብገስ፣ እኩባት ፍትሓውያን ድማ ፍትሒ የንግሱ”

ብሓልዮት ሰልፊ ዴሞክራሲ ኤርትራ ትቐርብ መፅሔት

# ቅዋም ሃገረ ኤርትራ

## ብቅዋማዊ ባይቶ ብ23 ግንቦት 1997 ዝጸደቐ

# ፍትሓዊት *መፅሔት ቁፅሪ ክልተ መጋቢት 2010*

**" ፍትሓውነት ካብ ነብስኻ'ዩ ዝብገስ፣ እኩባት ፍትሓውያን ድማ ፍትሒ የንግሱ"**

**ብዳዊት ሃብተ**

**ኣሳናዳእን ኣቕራብን** **ትሕዝቶ**

**ዳዊት ሃብተ**

## ቃል ኣሳናዳኢ

### <u>"ግዜ ኸለካስ ግዜ ኣይትፀበ"</u>

ሃገርና ኤርትራ ረፈረንደም ኣካይዳ ነፃ ካብ ትወፅእሲ እነሆ ዓሰርተ ትሽዓተ ዓመታ ቀሪቡ። እዚ ግዜ'ዚ ኣብ ዕድመ ወዲሰብ ቀሊል ኣይኮነን፣ ኣብ ስደት ዝርከብ ኤርትራዊ ሕግን ፍትሕን ክሰፍን'ሞ ሎሚዶ ፅባሕ ዓድና ክንምለስ እንዳበልና እንከሎና፣ እቶም ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝተወለዱ ሃገሮም እሾኽ ኮይናቶም ከይመሃሩን ከይሰርሑን ሓዳር ጌሮም ከይወልዱን ከይዘምዱን፣ ንያዖም ዝኸውን ስራሕን ገንዘብን የብልናን ተባሂሉ ንድኸመቶም ክሽፍኑ፣ ብመመኽነይታ ኣብ ዘይተኣደነ ሃገራዊ ኣገልግሎት ፀሚዶሞም ካብ ሕሱም ስቅያት ንኽድሕኑ ብተመልከተለይ ሂወቶም ትሓልፍ፣ እቶም ዝተታሕዙ ድማ ኣብ ሕሱም ስቅያት ይርከቡ። እቶም ካውኡ ዘምለጡ ድማ፣ ኣብ ሳሃራ ደዘርቲ ይቕምሰሉ፣ ኣብ ባሕሪ ቀለብ ዓሳ ይኾኑ፣ እቶም ዝተረፉ ድማ እነሀዉ ኣብ ስደት ምሳና። ተካኢ ሃገር መንእሰይ ሃገሩ ራሕሪሑ ንስደት እንተኣምሪሑስ መንዩ ድኣ ንሃገር ክትክኣ? ሃገር ድማ ሰኣን ሕግን ፍትሕን ክትሕመስ ብዓይንና ንርእይ ብእዝንና ንሰምዕ ኣሎና። ሪኢና ከምዘይረኣና፣ ሰሚዕና ከምዘይሰማዕና፣ ክንሓልፎ'ካ እንተፈተንና እቲ ሽግር ኣብ ርእሴና ስለዘሎን ኣካል ናይ'ቲ ሽግር ስለዝኾንና ወትሩ ኣብ ቅድሜና ቅጅል፣ቅጅል ይብለና'፣ ንግዚኡ እንተዝሸውንሲ ኣይምፀላእናን፣ ግና ሕማም መንድዓት ኮይኑና ዓመታት ሓሊፉ። እቲ ሽግር ነዊሑ ብመንፅሩ'ውን ከቢዱ፣ ዘገም እንዳበልና'ውን ኣብ ፈታኒ እዋን በፂሕና። ሃገር'ኮ ንኹልና ሓደ'ያ ትብፅሓና፣ ኣብ ውዕዩን ዝሑሉን ብሓደ ኢና ኔርና ኩሉ ዛከኣለና ኣበርኪትና ግን ቡጨቕ ዝበለ ይተሓጎም ዝብል መንግስቲ መፂኡና፣ ምስ ግዜ ይእረም በልና'ምበር ንነብሰይ ይጥዓመኒ ዝብሉዶ መሲሉና? ከምኡ ካብ ኮኑ ናትና ተራ ከምህዝቢኸ እንታይ'ዩ? ሕልናና ሽጥና ክንነብር፣ ወይሲ "ሓቂ ተዛረብ'ሞ ኣብ መንገዲ ባቡር ደቅስ" ዝብል ባህልና ነቲ ሓቂ፣ ሓቂ ዘይምባልና፣ ነቲ ሓሶት ድማ ወጊድ ዘይምባልናስ፣ ኣብ ታሪኽ'ሲ ኣየውቅሰናንዶ? "እቲ በትሪ ኣብ ኢድካ እቲ ተመን ድማ ኣብ እግርኻ'ዩም" ዘሎሞ

**ንዝኾነ ሓበሬታ fthawit10@yahoo.ca ኢልኩም ለኣኹልና።**

**“ፍትሓውነት ካብ ነብስኻ'ዩ ዝብገስ፣ እኩባት ፍትሓውያን ድማ ፍትሒ የንግሱ”**

እቲ ፍታሕ ኣብ ኢድና ስለዘሎ “ሕጊ ቅዋም ይተግበር ብዘይ ውዓል ሕደር” ኢልና ብሕጊ ሃገር ክትምራሕ ንጠልብ። ግዜ ኸለካስ ግዜ ኣይትፀበ ስለዝኾነ ሕጂ'ዩ ግዚኡ'ሞ ሃየ ድምፅና ነስምዕ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!!!

# ኣርእስቲ ዜና

1. ኤርትራዊ መንእሰይ ሃብቶ ክብርኣብ ነፍሰ ቕትለት ፈፂሙ።
2. 19 መራሕቲ ነፈርቲ ናይ ኤርትራ ኢዶም ሂቦም።
3. ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ብሙሉኣቶም ኣብ ከንያ ኢዶም ሂቦም።
4. ኤርትራዊ ተኸለማሪያም መድሂን ኣብ ናይ ሃገር ምቁራፅ ቅድድም ጉያ ካልኣይ ወፂኡ።
5. ካብ ሓለዋ ፅጥታ ናይ ፕረዚደንት ኤርትራ 11 ሰባት ተኣሲሮም።
6. ናይ ቁጠባ ሓላፊ ናይ ኤርትራ ኣቶ ሓጎስ ካሻ፣ ንፕረዚደንት ከፋንዎ ሓቲቶዎ።
7. መንግስቱ ሃይለማርያም ጴንጠ ኮይኑ።
8. ናይ ካናዳ ፕራይም ሚኒስተር ሃርፐር ንናይ ኣመሪካ ፕረዚደንት ኦባማ ረቲዑዎ።
9. ምሁር መንእሰይ ኣቶ ኣማን ስዩም ካብ ማሕበረኮም ኤርትራዊ ካናዳዊ ኣብ ቶሮንቶ ስሒብ።
10. ኣቶ ዳዊት ሃብተ ንማሕበረኮም ኤርትራዊ ካናዳዊ ናይ $500.00 ዝዋግኡ ንብረት ወፍዩ።
11. ርኢቶታት ካብ ኣንበብቲ
12. ምቅዋም እንታይ ማለት'ዩ?
13. ቅዋም ሃገረ ኤርትራ
14. መግለፂ ሰልፊ ዴሞክራሲ ኤርትራ
15. ናይ ኣባልነት ፎርም

14. POLITICAL Party laws

## ርሑስ በዓል ፋሲካ ይግበረልና ንኹላትና ኣመንቲ ክርስትና።

## ንዝኾነ ሓበሬታ fthawit10@yahoo.ca ኢልኩም ለኣኹልና።

## “ፍትሓውነት ካብ ነብሰኻ’ዩ ዝብገስ፣ እኩባት ፍትሓውያን ድማ ፍትሒ የንግሱ”

# ዜና ብሰፊሑ



Habtom Kibraeb was found dead last month in the Clayton Park area.

1. ኤርትራዊ መንእሰይ ሃብቶም ክብርኣብ ድሕሪ ነዊሕ ምንክርታት ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት፣ ኣምሊጡ ኣብ 2008 ብዝተሰነዔ ፓስፖርት ካብ ጀርመን ኣብ ሃሊፋክስ ካናዳ ምስ በፅሔ፣ ዕቝባ ሓቲቱ ምስተ ኣስረ ኣቶ በቂ ፍስሃየን ኣቶ ናዚ የማነን ተዋሒሶም ድሕሪ ምውፅኡ፣ እቲ ዕቑባ ዝሓተቶ ምስ ተነፅገ፣ሃገሩ ንኽይምለስ እሾኽ ኮይናቶ ኣብ ክለይቶን ፓርክ ኣብ ኣርብዓ ዓመቱ ነፍሰ ቅትለት ፈፂሙ። ብኸምዚ ዝጠፍኡ ድማ ብዙሓት መእሰያት ምኻኖም ይግለፅ።

2. 19 መራሕቲ ነፈርቲ ናይ ኤርትራ ኢዶም ሂቦም። ቁጽሪ ናይቶም ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ ሰሙናት ንስርዓት ህግደፍ ብምርሕራሕ ንግዚኡ ክንጠቕሶ ኣብ ዘይደለና ሃገር ወጻኢ ዑቕባ ዝሓተቱ ኣባላት ሓይሊኣየር ኤርትራ 19 በጺሑ ከምዘሎ፡ ገለ ካብኣቶም ምስ መርበብ ሓበሬታ ኣሰና ኣብ ዝገበሩዎ ሓጺር ቃለመጠየቕ ኣረጋጊጾም። [መርበብ ሓበሬታ ኣሰና](#) ኣብ ናይ ዕለት 6 መጋቢት ዜናኣ ጠቒሳቶ ከምዝነበረት፡ ፈለማ 15 ኣባላት ሓይሊ ኣየር ካብ ስርዓት ህግደፍ ኣምሊጦም ዑቕባ ክሓቶ ከለዉ፡ እቶም ኣርባዕተ ድማ ኣብ ዝቐጸለ መዓልታት ተጸምቢሮሞም ኣለዉ። ገለ ክፋል ናይቲ ኣሰና ዝገበረቶ ቃለመጠየቕ፡ ኣብ ናይ ሰኑይ 22 መጋቢት ፈነወ ራድዮ ድምጺ ኣሰና ቐሪቡ እዩ።

3. ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ብሙሉኣቶም ኣብ ከንያ ኢዶም ምሃቦም ስጋብ ሕጂ ፕረዚደንቲ ሃገረ ኤርትራ ከምዘይሰምዔን፣ ኤርትራ ድማ ብቑጠባን፣ ብዴሞክራስን ሕግን ካብ ኣፍሪቃ ቀዳመይቲ’ያ ክብል ንኣልጀዚራ ሓቢሩ። ንሱ ነዚ ዝሓበረ ኣብ ኣልጀዚራ ቃለ ምሕተት ኣብዝገበረሉ እዋን’ዩ።

4. ኤርትራዊ ተኽለማሪያም መድሂን ኣብ ናይ ሃገር ምቁራፅ ቅድድም ጉያ ካልኣይ ብምውፃእ ነቲ ብከንያውያን ተባሒቱ ዝነበረ ክብረ ወሰን ንመጀመርያ ግዜ ጢሒሱዎ።




**ንዝኾነ ሓበሬታ fthawit10@yahoo.ca ኢልኩም ለኣኹልና።**

እሙናት ምንጭታት ከምዝሓበሩዎ ብ4 መጋቢት 2010 ኣብ ከባቢ ሳዋ ኣብ ዝርከብ መዓስከር፡ ኣዘዝቲ በራጊድ ናይቲ ብሓለዋ ፕረዚደንት ዝፍለጥ ፍሉይ ኣሃዱ፡ ብዛዕባ 'ቲ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ ተወሲኑ ዘሎ እገዳ ኣብ ዘካየዱዎ ኣኼባ ተሪር ተቛውሞ ንዘቕረቡሎም 11 ኣባላት ብ9 መጋቢት ከምዝኣሰሩዎም ምንጭታት ካብቲ ቦታ ሓቢሮም። ብመሰረት እቲ ሓበሬታ ሓደ ካብቶም ኣብቲ ተቓውሞ ዓቢ ተራ ነይሩኩም ተባሂሎም ተኣሲሮም ዘለዉ ኣባላት ፍሉይ ኣሃዱ ሓለዋ ፕረዚደንት ካፕቴን በላይ ሓጎስ ዝብሃል መኮነን ይርከቦም። እቶም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ዘለዉ ኣባላት፡ ብዛዕባ ጉዳይና ካባና ንላዕሊ ናይ ኢትዮጵያ ተቛወምቲ ዝያዳ ሓበሬታ ኣለዎም፡ ልዕሌና ተኣመንቲ ምዃኖም ዕላምኡ እንታይ እዩ ? መሪሕነትና ኣብ ጉዳይ ሶማል ኢዱ ስለ ዘእተወ ኢዩ ተኣጊዱ ዘሎ፡ ናይ ሶማልን ሱዳንን ኢትዮጵያን ተቓወምቲ ኣብዚ ከዕለሙን ክሕገዙን ከኣ ንርኢ ኣለና፡ ንናይ መን ረብሓ ኢና ኣብ ዘይምልከተና ናይ ካልኦት ሃገራት ጉዳይ ጣልቃ ንኣቱ ዘለና? ምስ ተቓወምቲ ንገብሮ ዘለና ምትሕግጋዝን ምድግጋፍን ልክዕ ከምቲ ንወያነ ንህቦ ዝነበርና ደገፍ እዩ። ቅንጅትን ኣርበኞች ግንባርን ከኣ ንነጻነት ኤርትራ ዘይቅበሉን ንወደብ ዓሰብ ናብ ኢትዮጵያ ከምልሱ ዝቃለሱን እዮም፡ ስለዚ ጽባሕ ኣብ ስልጣን እንተመጹ ናብ ኩናት ከየእትዉና እንታይ ውሕስነት ኣለና? ኢሎም ነቶም ኣኼባ ዘካይዱ ዝነበሩ መራሕቲ በራጊድ ድሕሪ ምብዳህ፡ ነዚ ሕቶታት 'ዚ መልሲ ክህቡሉ ዝኽእል ላዕለዋይ ኣካል ክመጽኣና ኣለዎ ከምዝበሉ እቲ ሓበሬታ የረድእ። መራሒ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብዚ ብዓለም ተኣጊዱሉ ዘሎ እዋን፡ ስልጣነይ ብዕልዋ ክምንዛዕ እየ ዝብል ስግኣቱ ማዕረማዕሪኡ እናዓበየ ይኸይድ ስለዘሎ፡ ቀጻሊ ኣኼባታት ብምክያድን ስለያዊ መሓውራቱ ብዝያዳ ብምስፋሕን ነቲ ኩነታት ክቋጻጸር ይፍትን ከምዘሎ እቶም ምንጭታት ኣመልኪቶም።

6. ናይ ቁጠባ ሓላፊ ናይ ኤርትራ ኣቶ ሓጎስ ካሻ፣ ስራሕ ስለዘይብሉ ንፕረዚደንት ከፋንዎ ሓቲቱዎ፣ ፕረዚደንት ኢሰያስ ድማ ሓቢርና ኢና መፂእና ሓቢርና ኢና ንኸይድ፣ ስለዚ ሓንሳብ ተፀበየኒ ክብል መሊሱሉ። እቲ ትፅቢት ግን ናይ ግዜ ገደብ ኣይገበረሉን።

7. ካብ ዞምባቤ ዝመጸ ሓበሬታ ከም ዘረጋገፆ ፕረዚደንት ናይ ኢትዮጵያ ነበር መንግስቱ ሃይለማርያም ካብ ተዋህዶ፣ ናብ ጴንጠ ከዝቐየረ ተፈሊጡ። መብዛሕትኦም ናይ ደርጊ ሰበስልጣን ነበር እቲ ምምራሕ ወልፊ ስለዝኾኖምን ብፁሙዋ ስለዝተበልዑን ገሊኦም ፓስተር (ቀሺ) ተባሂሎም ይፅውዑ ከዘለዉን ሰብ ይሰግደሎም ምህላዉን ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኮይኑ ኣሎ። ሎሚ ዘበን እና ክፅሙወካ ጴንጠ ምኻን ከም ፋሽን ተቐፂሩ ኣሎ።

8. ናይ ካናዳ ፕራይም ሚኒስተር ሃርፐር ንናይ ኣመሪካ ፕረዚደንት ኦባማ ረቲዑዎ። ንሱ ኣብ ናይ ኦለምፒክ ሆኪ ካናዳ ክትስዕር'ያ ኦባማ ድማ ኣመሪካ ስለዝበለ፣ እቲ ስዕረት ድማ ካናዳ ብምስዓራ ሃርፐር 24 ቢራ ረቲዑዎ፣ንሱ ድማ ንሆኪ ኦፍ ህሊ ፈይም ኣበርኪትዎ።

9. ምሁር ኣቶ ኣማን ስዩም ኣብ ማሕበረኮም ኤርትራዊ ካናዳዊ ኣብ ቶሮንቶ ኣብ ቦርድ ከገልግል ድሕሪ ምፅንሑ፣ እቲ ቦርድ ከምቲ ጉባኤ ዘሰከሞም ሓላፍነት ዘይኮነ ብዉሑዳት ሰባት ዝተዓብለለ ስለዝኾነን ምንም ናይ ስራሕ ከተዋህቦ ስለዝፀንሔን ዕግበት ስለዘይረኸበን ኣባልነቱ ሲሒቡ። ኣብ ዝሓለፈ እዋን'ውን ካብቶም 9 ናይ ቦርድ ኣባላት ኣቶም 6 ተመሳሳሊ ሽግር ከምዝነበሮምን 3 ኣባላት ቦርድ ከዝሰሓቡን ዝዝከር'ዩ።

10. ኣቶ ዳዊት ሃብተ ንማሕበረኮም ኤርትራዊ ካናዳዊ ናይ $500.00 ዝዋግኡ ንብረት ወፍዩ። ነቲ ሽግር ብምዕዛብን ፍታሕ ክኸውን ይኽእል'ዩ ኢሉ ስለዝገመተን 25 ወናብርቲ ነቲ ማሕበረኮም ከምዝወፈየን ቅብሊት ከዝተዋህቦን ገሊፁ። ቅድሚ ሕጂ'ውን ኣብቲ ቦርድ ን2ዓመት ከዘገልገለ ዝዝከር'ዩ።

**ርኢቶታት ካብ ኣንበብቲ**

11. *ሀ) ፍትሓዊት መፅሔት ንመጀመርያ ግዜ ብንፁር ብዛዕባ ናይ ሃገርና ጉዳይ ኣልዒላ ምዝታያ ናይ ብሓቂ ከም ሽማ ምኻና ኣመስኪራ፣ ንኽትቅፅልዎ ድማ ብልቢ የማሕፅነኩም። የቐንየለይ ሃይኒ ካብ ቶሮንቶ*

*ለ) ትሕዝቶኹም ብጣዕሚ ፅብቕ'ዩ፣ ባህልናን ቃንቃናን ንእግረ መንገድኹም ምምዕባልኩም ናይ ብሓቂየ ዘመስግነኩም እቲ ተባዕነትኩም ድማ ፍሉይ ቆላሕታ ይህቦ። እዚ ድማ መርኣያ ናይቲ ነፃ ፕረስ'ዩ። መሓሪ ባህረ*

*ናይ ኩላትኩም ኣንበብቲ ተመሳሳሊ ስለዝኾነ ኣብ ቀፃሊ ከንውፅኦ ኢና። የቐንየልና*

# <u>ምቅዋም እንታይ ማለት'ዩ</u>

ምቅዋም ካብ ቅዋም ዝብል ቃል ዝመፀ'ዩ። ቅዋም ክኣ ዓንዲ ሕጊ ማለት'ዩ። ዓንዲ ሕጊኽኣ ከምቲ ዓንዲ ማእከል ንሓንቲ ህድሞ ከይትርኹመሽ'ሞ ሰብ ከይትልከም ካብ መሬት ተወርዊሩ ደጊፉ ዝሕዝ፣ ዓዲ ሕጊ ድማ ከምቲ ዓንዲ ማእከል ኣብ መንጎ መንግስትን ህዝብን ኮይኑ፣ መንግስቲ ንህዝቢ ከይዕምፅ፣ህዝቢ ድማ ሕጊ መንግስቲ ከይጥሕስ ዝሕሉ'ዩ።

ቅዋም ማለት ድማ ኣብ መንጎ መንግስትን ህዝብን ዝግበር ቃል ኪዳን'ዩ። ከምቲ ሰብኣይን ሰበይትን ቃልኪዳን ኣሲሮም እንድሕሪ ዘይተሰማምዑ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ዝቐርቡ፣ መንግስቲ ንህዝቢ እንተበዲሉ፣ ህዝቢ ድማ ሕጊ መንግስቲ እንተዘይ ኣኽቢሩ ኩሉ ብማዕረ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪቡ ይሕተት። ሕጊ ተገንጊሉ ዓንቀፃቱ ተጠቒሱ እቲ በደል ኣበይ ከምዘሎ ተመርሚሩ መን ሕጊ ከምዝጠሓሰ ብንፁር ተዘርዚሩ፣ እቲ በዳሊ ተፈሊጡ፣ ማዕረ በደሉ ድማ መቕፃዕቱ ይቕበል። በዚ ድማ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ኩሉ ተኸባቢሩ ይነብር። እቲ ሕጊ ቅዋም ድማ ምስ ግዜ እንዳማዕበለ ይኸይድ። ደቂ ሃገር ኣብ ምእከል ሃገሮም ዓጊቦም ይነብሩ። ብኡኡ መጠን'ውን ምዕባለ ይመፅእ፣ዕግበት'ውን ይርከብ። ንዕግበቱ ከምንጥሎ ዝመፅእ ወራሪ'ውን ተቢዑ ይምከት።

ካብ ሕሉፍ ተሞክሮናን ኣብ ግብሪ ዘመስከርናዮን ተጋዳላይ ነጻነት ንኽምፅእ ዓጊቡን ሓልዩን መግነዚኡ ዝኸውን ኣንሶላ ተሰኪሙ ዝወሓዘን ንዘይከውን ክዉን ዝገበረን። ኤርትራ ሃገርና ድማ ብሕጊ እንዳባ ትመሓደር ዝነበረትን እታ ካብ ሃገራት ኣፍሪቃ ንመጀመርያ ብባይቶ ትመሓደር ዝነበረት ሃገር ምኻና ኩሉ ዘይዝንግዖ ሓቂ'ዩ።

ድሕሪ ነዊሕን መሪርን ብዙሕ መስዋእቲ ዝተኸፍሎ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣብ 1991 ነጻነትና ረኺብና። ሃገር ብዘይ ሕጊ ሃገር ስለዘየብላ ልዑል መፅናዕትን ወፃኢታትን ተገይሩ፣ ቅዋም ሃገረ ኤርትራ ተነዲፉ፣ ህዝቢ ተሰማሚዑሉ ባይቶ ኤርትራ ተሰማሚዑሉ ኣብ 1997 ንኽእወጅ፣ ንመሓመድ ሽሪፎ ኣቦወንበር ተመዚዙ፣ ንኽፈፅሞ ተወሲኑ ኩሉ መፅናዕትን ፅሑፋትን ተዳሊዩ፣ ንኽእወጅ ኣብ

ቲቪ ኤረ መደብ ተታሒዙ፣ ፕረዚደንት ኢሰያስ ቅዋም ምትግባር ኣንፃር ረብሐኡ ስለዝኾኖን ክመልኽ ስለዝደለየን ንኽይእወጅ ከልኪሉ፣ሃንደበት ናይ ቦርደር ኩናት ተጀሚሩ። ሩዋንዳን ኣመሪካን ዘቕረቡዎ ነናብ ዝነበርኩሞ ተመሊስኩም ካውኡ ናብ ሕጊ ትቕርቡ ዝብል እማመ ናይ ኩናት ደው ምባል ተሓሲሙ ዋላ ፀሓይ ኣይትብረቕ እምበር ካብ ኣባድመ ኣይንወፅእን ኢና ኢሉ ነቲ ናይ ሰላም መስርሕ ነፂጉዎ። ተገምጢሉ ከኣ 25 ኪሎሜትር ካብ ዶብና ሲሒብና ወፂእና ኣሎና ኢሉ ልዕሊ'ቲ ዝሓተትዎ ሲሒቡን ጠንቂ ናይቲ ኩናት ንሕና ኢና ኢሉ ተቐቢሉዎን። ሕቡራት ሃገራት'ውን ንኽኣትዉ ተሰማሚዑ። ብድሕሪኡ ኣባላት ባይቶን፣ካቢነት ሚኒስትርታትን ዲሒሮም ብጅ15 ዝተጠመቑን ሰዓብቶምን ሃገር ብዘይ ሕጊ ኣይትኽይድን'ያ ቅዋም ክትግበር ኣለዎ፣ ዴምክራሲ ነተኣታትው፣ስልጣንና ንህዝቢ ነረክብ፣ ጠንቂ ናይዚ ኩናት'ውን መን ምኻኑ ክፃረ ኣለዎ፣ ዝብል ንሃገር ዘርብሕ ሕቶታት ኣልዕሎም ኣብ ክንዲ ብኣባገባብ ዝምልሰሎም መስከረም 18/2001 ኣባላት ጅ15ንን ሰዓብትምን ጋዜጠኛታትን ከዓረቅዎ ዝመጹ ዓበይቲ ዓድን፣ ኣሰሮም ። ሰብ እምበር ሓቂ ክትኣስራ ስለዘይትኽእል፣ ብውፂኢት ናቱ ድማ በቲ ቅዋም ዘፍቅዶ መሰረት ሰልፊ ዴምክራሲ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወፃእን ቀይሙ ሰላማውን ፖለቲካውን ቃልሲ ኣካይድካ ሕጂውን እንተኾነ ሕጊ ቅዋም ይተግበር ብምባል ተቃውምኡ የስምዕ ኣሎ ንፐፈታቱ'ውን ኣብ ምስልሳል ይርከብ።

ምቅዋም ኣብ ኤርትራ ብዙሕ'ዩ ዓይነቱ። እቶም ገለ ካብ ናይ ጅብሃን ሸዕብያን ህልኽ ዘይወፁ ገና ኣብ ነፃነት ኤርትራ ዘይኣምኑ ከውሒ ልቦም ኣለዉ። እቶም ገለ ድማ ኤርትራ ብሸሪዓ ሕጊ ክትመሓደር ኣለዋ ዝብሉ፣ መንግስቲ ኤርትራ ከም ሰፍኢ ክግምጠል ኣለዎ ዝብሉ፣ ናይ ኩናማ ናይ መሰል ጉዳይ ዝሓቱ፣ ዓፋር ንዛረብ ንበይንና ክንከውን ዝብሉ፣ እቶም ገለ ድማ ከጋደሉ ይትረፍ ጋምባለ ዝወደየ ተጋዳላይ ርእዮም ዘይፈልጡን ቅንጣብ ዘየበርከቱን፣ ነቲ ኹሉ ቃልስን መስዋእቲ ዋጋ ከይሃቡ ምስ ኢትዮጵያ ምሓሸና ዝሕላናን ክትፎናን እንዳበላዕና እንዳበሉ ኣብ ባራት መሕለፊ ግዜ ዝገብሩን ከም ፅሉል ከልቢ ንዝሓለፈ ዉሕ ዝብሉን ኣይተሳእኑን፣ እቶም ገለ ድማ ሳላ ሕጊ እንዳባ ዜግነት ረኺቦም ፀገሞም ከሓብኡ ዝያዳ ግዱስ ክመስሉ ዝደልዩ ናይ ዕድመ ፀጋ ኣብ ክንዲ ኣብ ብቤተክርስትያንን መስጊድን ፀለቶም ዘዕርጉ ስጋን ዓፅምን ክፈልዩ ይውዕሉ፣ እቶ ገለ ድማ ከም ተኸሊ ሱፍ ፀሓይ ናብ ዝተጠወየታ ዝጥወዩ ህግደፍ እንተረአዩ ህግደፍ ይኾኑ፣ ተቃውወምቲ ኣንተረኣዩ ተቃወምቲ ዝኾኑ ከም ስውኣ ዝጠዓመላ ኮማሪት ዘውደኽድኩ ኣይተሳኣኑን።

ሰልፊ ዴሞክራሲ ኣብዚ ኹሉ ዓጀውጀው ኣይኣትውን'ዩ። ሕድሪ ስዉእ ንምትግባር ሕጊ ቅዋም ተግቢርካ ስልጣን ንህዝቢ ኣረኪብካ፣ ብሕጊ መሰረት ሰልፍታት ቆይመን ዝተዓወተት ሰልፊ ሃገር ትመርሕ'ዩ ዝብልን ዝኣምንን።ንሃገር ክወርር ዝመፅእ ፀላኢ ድማ ፖለቲካ ትሕቲ ሃገር ስለዝኾነ ኣብ ጎኒ ህዝብና ኮይንና ንኽንምክት ድሉዋት ኢና። ስለዚ ኢና ድማ ንቃወም፣ እዚ ድማ ንረብሓ ሃገርን ህዝብን ሓልዮት ስለዝኾነ ዝያዳ ሃገራዊ ይገብረና'ምበር ኣየሕንኽናን'ዩ። እቲ ዘሕፍርሲ ሰኣን ሕጊ ሃገርን ህዝብን እንዳተሓመሰ ምጥቃዕ'ዩ። ስለዚ ኢና እምበኣር ነቲ ሕጊ ቅዋም ኣብ ከብሑ ዓጺዩ ህጣሙ ከጥፍኦ ዝደሊ ዘሎ ስርዓት ሕጊ ቅዋም እንታይ ከምዚመስል ከምዘለዎ ብተኸታታሊ ከነቕርቦ ኢና። **ሰናይ ምክትታል።**

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!!!

ሕጊ ቅዋም ይተግበር ብዘይ ውዓል ሕደር!!!

ክፍሊ ዜና ሰልፊ ዴሞክራሲ ኤርትራ

**``ልጋም ዘይብሉ ፈረስን ቅዋም ዘይብሉ ሃገርን ሓደ`ዩ``**

# ቅዋም ኤርትራ

## ብቅዋማዊ ባይቶ ብ23 ግንቦት 1997 ዝጸደቐ

## ትሕዝቶ


መቕድም.......................................................................................2

ምዕራፍ ሓደ

ሓፈሻዊ ድንጋጌታት........................................................................4

ምዕራፍ ክልተ

ሃገራዊ ዕላማታትን መራሒ መትከላትን...............................................5

ምዕራፍ ሰለስተ

መሰረታዊ መሰላትን ሓርነታትን ግቡኣትን...........................................8

ምዕራፍ ኣርባዕተ

ሃገራዊ ባይቶ..................................................................................15

ምዕራፍ ሓሙሽተ

ፈጻሚ ኣካል.....................................................................................19

ምዕራፍ ሽዱሽተ

ምምሕዳር ፍትሒ..............................................................................25

ምዕራፍ ሸውዓተ

እተፈላለየ ድንጋገታት.........................................................................27


# መቕድም

ንሕና፡ እዞም ብናይ ሓባር ቃልሲ ንመሰልናን ሓደ መጻኢናን ስሙር ሃገር ዝኾንና ህዝቢ ኤርትራ፣ኣብቲ ንነዊሕን ዝናዊ ታሪኽ ዝተሰርሓሉን ሓርነታዊ ሰውራ፡ ምእንቲ ናጽነትናን መሰልናን ህይወቶም ንዝበጀዉ ዓሰርተታት-ኣሽሓት ጀጋኑ ሰማእታትናን፡ ንጽንዓት ኩሎም ሓርበኛታት ኤርትራውያንን እናመጎስናን፡ ኣብቲ ዘውረሱና ናይ ሓድነትን ፍትሕን ተሪር ምድሪ ረጊጽናን፡-

- ነዚ ብብርቱዕ ገድሊ ዝተረኸበ ናጽነትን ሓድነትን፡ ሰላምን ርግኣትን ምክልኻልን፡ ድልድልትን ስልጥንትን ሃገር ብምህናጽ ምዕቃቡን ምምዕባሉን፡ ቅዱስ ግቡእ ዜጋታት ምዃኑ ብምግንዛብ፤

- ምዕብልቲ ሃገር ንምህናጽ፡ እቲ ኣብ ሓርነታዊ ሰውራና ዘማዕበልናዮን ዘዐወተናን፣ ናይ ሓድነትን ማዕርነትን፡ ፍቕሪ ሓቅን ፍትሕን፡ ርእሰምርኮሳን ፍቕሪ ስራሕን... ክብርታት ሕመረት ሃገራዊ ክብርታትና ኪኸውን ከም ዘሎዎ ብምርዳእ፣
- ናይ ሕብረተሰብና ጽቡቕ ናይ ኮማዊ ምትሕግጋዝ፡ ፍቕሪ ስድራቤት፡ ኣኽብሮት ንሽማግለታት፡ ሓድሕዳዊ ሓልዮትን ምክብባርን ያታዊ ክብርታት ምውራሱን ምስሳኑን፡ ንምዕባለን ጥዕየትን ሕብረተሰብና ኣድላዩ ምዃኑ ብምምልካት፤
- መሰል ዜጋታት፡ ሰብኣዊ ክብረት፡ ማዕርነትን ምዕሩይ ምዕባለን ዜውሕስ፣ ናይ ዜጋታት ነገራውን መንፈሳውን ድልየት ዚረውየሉ ኩነታት ዜጣጥሕ፣ ኣብ ድልየት ህዝብን ረብሕኡን ተሳትፎኡን እተመስረተ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ምትካል፣ ንቑጠባዊ ምዕባለ፡ ንማሕበራዊ ስኒትን ግስጋሰን መሰረት ምዃኑ ብምርግጋጽ፤
- ቅያ ዝመልኡ ተሳትፎ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ ቃልሲ ንሓርነትን መሰልን፣ ከምኡ እውን ኣብዚ ቃልሲ እዚ ኣብ መንጎ ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን ዝማዕበለ ኣብ ማዕርነትን ምክብባርን እተመስረተ ጽኑዕ ምሕዝነትን፣ መሰረት ዘይንቕነቕ መብጽዓናን ቃልስናን ንማዕርነትን ምሕዝነትን ደቀንስትዮን ደቅተባዕትዮን ምዃኑ ብምግንዛብ፤
- ንህይወትናን ህይወት መጻኢ ወሎዶታትናን ዚሰርዕን ዚገዝእን፡ ፍትሕን ሰላምን ዜስፍን፡ ኣብ ደሞክራስን ሃገራዊ ሓድነትን እተሰረተ፡ ግዝኣተ ሕጊ ዜንግስ ቅዋም ከም ከም ኪዳን ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ እቲ ብፍታውና እነቕሞ መንግስትናን ኪኸውን ብምድላይ፤
- ሎሚ 23 ግንቦት 1997፡ ኣብዚ ታሪኻዊ ዕለት እዚ፡ ድሕሪ ሰፊሕ ህዝባዊ ክትዕ፡ ብመገዲ ቅዋማዊ ባይቶ፡ ከም ዝለዓለ ሕጊ ናጻን ልኡላዊትን ሃገርና ኤርትራ፡ ነዚ ሃገራዊ ቅዋም እዚ ብወግዒ ንቕበሎን ነጽድቖን ኣለና፡፡

# ምዕራፍ – ሓደ
# ሓፈሻዊ ድንጋጌታት

## ዓንቀጽ 1 - ሃገረ – ኤርትራን ክሊ ግዝኣታን

1. ኤርትራ፡ ደሞክራስን ማሕበራዊ ፍትሕን ዝመሰረታ፡ ብግዝኣተ-ሕጊ እትመሓደር ናጻን ልኡላዊትን ሃገር እያ።

2. ሃገራዊ ግዝኣት ኤርትራ፡ ነቲ ፍሉጥ ዝዶባቱ መሬት፡ እንተላይ ማያዊ ክሉን ደሴታቱን ክሊ ኣየሩን የጠቓልል፡፡

3. ኣብ ሃገረ ኤርትራ ልኡላዊ ስልጣን ናይ ህዝቢ እዩ፡፡ እዚ ቅዋም እዚ ብዚእዝዞ ስርዓት ኣቢሉ ኸኣ ኣብ ግብሪ ይውዕል፡፡
4. እቲ ንልኡላዊ ስልጣን ህዝቢ ወኪሉ ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝምስረት መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣሳታፍን ድልዱልን ትካላት ብምህናጽ፡ ንብቑዕ ደሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ ስርዓት መሰረት ይኸውን።

5. ኤርትራ ብኣሃዱኣዊ መንግስቲ ናብ ዞባዊ ምምሕዳራት ተኸፋፊላ ትመሓደር። እቲ ዞባዊ ምምሕዳራት ዚህልዎ ኣቃውማን ስልጣንን ከኣ ብሕጊ ይውሰን።

## ዓንቀጽ 2 – ልዕልና ቕዋም

1. እዚ ቅዋም እዚ ሕጋዊ መግለጺ ልኡላውነት ህዝቢ ኤርትራ እዩ።

2. እዚ ቅዋም እዚ፡ መንግስቲ ዚምስረተሉን ዚምረሓሉን መሰረታዊ መትከላት የነጽርን፡ ኣቃውማኡን ኣካይዳኡን ይውስንን። በዚ ከኣ ምንጪ ሕጋውነት መንግስትን፡ መሰረት ንምሕላው መሰልን ክብረትን ዜጋታትን፡ ከምኡ እውን መሰረት ንፍትሓዊ ኣመሓዳድራ ይኸውን።

3. እዚ ቅዋም እዚ፡ እቲ ዝለዓለ ሕግን ምንጪ ናይ ኩሉ ሕግታትን ሃገረ-ኤርትራ ስለዝኾነ፡ ኣንጻር ፊደሉን መንፈሱን ዚኸይድ ዝኾነ ይኹን ሕጊ፡ ትእዛዝ ወይ ተግባር ፍሩስ እዩ።

4. ኩሎም ኣካላት መንግስትን፡ ከምኡ እውን ኩሎም ማሕበራትን ትካላትን ዜጋታትን፡ ነዚ ቅዋም እዚ እሙናት ኪኾኑን ኪምእዘዙን፡ ኣብ ግብሪ ናይ ምውዓሉ ሓልፍነት ኪስከሙን ኣለዎም።

5. እዚ ቅዋም እዚ፡ ኣብ ህዝብን ኣካላት መንግስትን ቅዋማዊ ባህሊ ንምምዕባልን፡ መሰልን ግቡእን ዜጋታት ንምኽባርን መሰረት ይኸውን።

## ዓንቀጽ 3 - ዜግነት

1. ካብ ኤርትራዊ ኣቦ ወይ ኤርትራዊት ኣደ እተወልደ፡ ኤርትራዊ ዜጋ ብትውልዲ እዩ፡፡
2. ናይ ካልኦት ሃገራት ዜጋ፡ ሕጊ ብዝውስኖ መሰረት ኤርትራዊ ዜግነት ክወስድ ይኽእል፡፡
3. ንዜግነት ዚምልከት ዝርዝር ሕግታትን ቅጥዕታትን ብሕጊ ይውሰን።

## ዓንቀጽ 4 - ሃገራዊ ትእምርትታትን ቋንቋታትን

1. ሃገራዊት ባንዴራ ኤርትራ ወርቃዊ ኣቑጽልቲ ኣውሊዕ ዘለዋ፡ ቀጠልያን ቀይሕን ሰማያውን ዝምድራ እያ። ዝርዝራ ብሕጊ ይውሰን።
2. ኤርትራ፡ ንታሪኽን ሃንቀውታን ህዝባ ዜንጸባርቕ፡ ብሕጊ ዚውሰን ሃገራዊ መዝሙርን ኣርማን ይህልዋ።
3. ኣብ ኤርትራ፡ ማዕርነት ኩሉ ኤርትራዊ ቋንቋታት እተሓለወ እዩ።

## ዓንቀጽ 5 - ንጾታ ዚምልከት ኣጸሓሕፋ

እዚ ቅዋም እዚ፡ ጾታዊ ኣጸሓሕፋኡ ብዘየገድስ፡ ኩሉ ዓንቀጻት ንኽልቲኡ ጾታታት ብማዕረ ይምልከት።

# ምዕራፍ - ክልተ
# ሃገራዊ ዕላማታትን መራሒ መትከላትን

## ዓንቀጽ 6 - ሃገራዊ ሓድነትን ርግኣትን

1. ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ስምርትን ስልጥንትን ሃገር ንምህናጽ ኣብ ዚገብርዎ ጻዕሪ፡ ንብዙሕነት ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሓድነት ኣብ ብዙሕነት ንዝብል መትከል ከም መራሒ መትከል ይወስድዎ።
2. መንግስቲ፡ ብተሳትፎ ኩሉ ዜጋ፡ ብደሞክራሲያዊ ልዝብን ሃገራዊ ሓባራዊ መረዳእታን ብምምዕባልን፡ ናይ ሓድነትን ማሕበራዊ ስኒትን ድልዱል ፖለቲካውን ባህላውን ሞራላውን ሰረት ብምህናጽ፡ መሰረት ሃገራዊ ርግኣትን ምዕባለን የደልድል።
3. መንግስቲ፡ ብቑዓትን ኣሳተፍትን ትካላት ብምፍጣር፡ ንእተመጣጠነ ቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለ ዜውሕስን ዜቃላጥፍን ምቹእ ሰላማውን ርጉእን ኩነታት የረጋግጽ።

## ዓንቀጽ 7 - ደሞክራሲያዊ መትከላት

1. ምርግጋጽ ሰፊሕን ንጡፍን ተሳትፎ ዜጋታት ኣብ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ከሙ እውን ኣብ ባህላዊ ህይወት፡ መሰረታዊ መትከል ሃገረ-ኤርትራ እዩ።
2. ኩሉ ንሰብኣዊ መሰላት ደቀንስትዮ ዚግህስ፡ ንተራኦንን ንተሳታፍነተንን ከኣ ዚድርትን ዝዕንቅፍን ተግባር ክልኩል እዩ።
3. ኣበየ ኣከባቢኡ ተበግሶን ተሳትፎን ህዝቢ ዘረጋግጽን ዘደንፍዕን ትካላት ይምስረት።
4. ኩሉ ኤርትራዊ ብዘይ ኣፈላላይ፡ ብመሰረት ቅዋምን ኣብ ትሕዝቲኡ ዚድንገግ ሕግታትን፡ ኣብ ኩሉ ናይ መሪሕነት ቦታ ንምስታፍ ማዕረ ዕድል ይህልዎ።
5. ናይ መንግስቲን ናይ ኩሉ ውድባትን ትካላትን ኣሰራርሓ ግሉጽን ተሓታትን ይኸውን።
6. ኩሉ ፖለቲካዊ፡ ህዝባዊ ማህበራትን ምንቅስቓሳትን ኣብ ኣወዳድባኡን ተግባራቱን ብመትከል ሃገራዊ ሓድነትን ደሞክራስን ይምራሕ።
7. መንግስቲ፡ ናጻን ነቐፈኢታውን ኣተሓሳስባ፡ ምጽውዋር፡ ሓባራዊ መረዳእታ፡ ዝመለለይኡ ደሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ባህሊ ንምምዕባል ምቹእ ኩነታት ይፈጥር።

## ዓንቀጽ 8 - ቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለ

1. መንግስቲ፡ ንመሰል ማሕበራዊ ፍትሕን ቁተባዊ ሞባለን ናይ ዜጋታት ዜኣግብ ኩነታት ንምፍጣርን፡ ነገራውን መንፈሳውን ድልየታት ህዝቢ ንምርዋይን ይጽዕር።

## “ፍትሓውነት ካብ ነብስኻ'ዩ ዝብገስ፣ እኩባት ፍትሓውያን ድማ ፍትሒ የንግሱ”

2. መንግስቲ፡ ኣብ መላእ ሃገር ዚዝርጋሕ ሞኑይን ቀጻልነት ዘለዎን ምዕባለ ንምምጻእ ይሰርሕ። ህዝቢ ብተሳትፎኡ መነባብሮኡ ብቐጻሊ ንኺመሓይሽ ከኣ መንግስቲ ብዚከኣሎ ዘበለ ይጽዕር።
3. መንግስቲ፡ ሃብቲ መሬትን ባሕርን፡ ኣየርን ማይን፡ ብውዱንን ቀጻልነት ብዘለዎን ንረብሓ ህሉውን መጻእን ወሎዶታት ብዜረጋግጽን መገዲ ንኺመሓደር፤ ህዝቢ ድማ ኣብ ምሕላው ኣከባቢኡ ንኺሳተፍ ኣድላዪ ኩነታት ኬጣጥሕ ሓላፍነት ኣለዎ።

### ዓንቀጽ 9 - ሃገራዊ ባህሊ

1. መንግስቲ፡ መግለጺ መንነትን ሓድነትን ግስጋሰን ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ሃገራዊ ባህሊ ንምምዕባል፡ ምቹእ ኩነታት ኪፈጥርን ኪድርኽን ሓልፍነት ይህልዎ።
2. መንግስቲ፡ ናይ ኮማዊ ሓልዮት ፍቕሪ ስድራቤትን ክብርታት የተባባዕ።
3. መንግስቲ፡ ስነጥበባት፡ ስነፍልጠት፡ ቴክኖሎጅን ስፖርትን፡ ዚድንፍዓሉ፡ ኪኢላታት ብሓርነት ዚዓየሉን መሃዝነቶም ዚገልጹሉን ምቹእ ኩነታት ንምፍጣር ይጽዕር።

### ዓንቀጽ 10 - ብቑዕ ፍርዳዊ ስርዓት

1. ፍርዳዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ብቕዋምን ብሕግን ዚምራሕ፡ ናጻን ብቑዕን ተሓታትን ይኸውን።
2. ኣብያተ-ፍርዲ፡ ንቕልጡፍን ርትዓውን ብያነ ዜገልግል፡ ህዝቢ ብቐሊሉ ዚርድኦን ዚጥቀመሉን ስርዓት ይህልዎ።
3. ኣብያተ-ፍርዲ፡ ካብ ብልሽውናን ኣድልዎን ሓራ ይኾኑ፡ ንኹሉ ብዘይ ኣፈላላይ ዚዳኒ ኪኸውን ሓላፍነት ይስከም።
4. መንግስቲ፡ ጉዳያትን ክርክራትን ብፍትሓዊ መገዲ ብሽምግልናን ብዕርቅን ክፍታሕ የተባብዕ።

## ዋዛ ምስቁምነገር

### 1. መጋሰ ዳጉሻ መዓስ ተጀሚሩ ኣብ ኤርትራ ?

ሓደ እዋን ሓደ ዳጉሻ ዝዘርኤ ሰብኣይ ዝቀንኡሉ ደቂ ዓዱ ነበሩ'ሞ፣ ነዛ ዳጉሽኡ ኣፀሚዮም ኣብዑር ጌሮም ሓሪሶም ሕውስውስ ኣበሉዋ ንኸጥፍኡዋ። እቲ ዋና መጺኡ ረአያ''ሞ ብዙሕ ሓዘነ፣ እንተኾነ ግዳ ማይ ሃረመ'ሞ ወያ ዳጉሻ ጎላዕላዕ ኢላ ዘይሓሰቦ ብዙሕ ፍርያት ረኸበ። ካውኡ ዓመት ዕመት ዳጉሻ ክዘርእ ጀመረ። ወዮም ፀላእቱ ድማ ካብቲ ሕሱም ተግባራቶም ተማሂሮም ዳጉሻ ክዘርኡ ጀመሩ።

**''ወዮ መጥፍእየይ ዝበልካዮስ መልምዕየይ ኮይኑ ተባህለ''**

### 2. ወዲ ሓምሳ ዓመት

> ሓደ ወዲ ሓሳ ዓመት ምስ መንእሰያት የዕልል ነበረ፣ ኣብ መንጎ ዕላሎም ቆልዑትሲ ብማዕዶ ክሪኡኻ ኸለዉስ ክምስ ይብሉ ካልኣይ ኣብ ቅርሺ'ዮም ዝሓርኡ በሎም፣ እቶም መንእሰያት ድማ ትቕብል ኣቢሎም እዚ ትብለና ዘሎኻ ቆልዓ ወዲ ወድኻ ድዩ በሉዎ? ንሱ ድማ ሕቱኦም ክይመለሰሎም ቀኒኦሙለይ ኢሉ ካብኦም ፍንትት ኢሉ**”ሓምሳ ዓመተይ ሓዳር ዘይብለይ ሎሚ ሓዳር ጌረ ሰብ ቅኒ ኡለይ”** ኢሉ ክደርፍ ጀመረ በለ ይበሃል።

## ንዝኾነ ሓበሬታ fthawit10@yahoo.ca ኢልኩም ለኣኹልና።

**“ፍትሓውነት ካብ ነብስኻ’ዩ ዝብገስ፣ እኩባት ፍትሓውያን ድማ ፍትሒ የንግሱ”**

# መግለፂ ሰልፊ ዴሞክራሲ ኤርትራ

## “ሕጂውን እንተኾነ ሕጊ ቅዋም ተግቢርካ ካብ ምልኪ ናብ ዴምክራሲ ምስግጋር’ዩ እቲ እንኮ መፍትሒ ኢልና ንኣምን”

ታሪኽ ንድሕሪት ምልስ ኢልና እንተሪኢናዮ ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም መብዛሕትኤን ናይ ኣፍሪቃ ሃገራት ካብ ናይ ኣርዑት መግዛእቲ ተገላጊለን ነፃነተን ክጋናፀፋ እንከለዋ ኤርትራውያን ግና ነቲ ውዲት ናይ ምዕራባውያን ሓቢርና ኣብ ክንዲ ንገጥሞ ንነፃነት ኣድሚፅና ክንስና ብሸፈጥ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ከምንቁረን ተገብረ። ነቲ ፌደረሽን’ውን እንተኾነ ሂን ማሂን ተበሃሂልና ስለዘይዓቀብናዮን ኢድን ጋንትን ኮይንና ኣንፃር ፀላእትና ቅልፅምና ኣስሚርና ስለዘይመከትናዮን ፌደረሽን ፈሪሱ ኣብ ጎበጣ ኢትዮጵያ ኣቲና። ድሕሪ ናይ ሳላሳ ዓመት መሪር ቃልስን መስዋእትን ድማ ነፃ ወፂእና፣ ንሓርነት ድማ ሓቢርና ስለዘይመከትና ህዝቢ ኤርትራ ተሰማሚዑ ዘጽደቆ ሕጊ ቅዋም ይተግበር ዝብል እኳ እቲ እንኮን ዘየላቡ ፍታሕ ክንሱ፣ ገለን ሕድሪ ስዉእ ክትግብሩ ገንሸል ክኾኑ እንከለዉ፣ ውሑዳት ድማ ነዛ ሓንሳብ ንነብረላ ዓለም ብደም ስዉእ ክጣልዑን ወግሖ ፀብሖ ዕባራ ምኽንያት ክፈጥሩ ምዕዛብና ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኮይኑ ኣሎ። እቶም ካብ ህልኽ ዝብገሱን ሓደ ራእይ ዘይብሎም ድማ ነዚ ኣጋጣሚታት’ዚ ተጠቒሞም ሓይሊ ከምዘለዎም ኣብ ልዕሊ’ቲ ንፍታሕ ዝቃለስ ዘሎ ሰራዊትና ወግሔ ፀብሖ ቀቲልናን ኣቁሲልናን ክብሉ ንሰምዕ፣ ታሪኽ ከይድገም’ውን ንሰግእ። ውዲት ምዕራባውያን ሃገራት ብሰንኪ ሕማቕ ዲፕሎማሲ መንግስቲ ኤርትራ ተፃብኦኦም ኣብ ሊዕሊ መንግስቲ ኤርትራ’ዩ ዘሎ፣ህዝቢ ኤርትራ ድማ ደረቕ መርገፂ ንርእሰይ ይጥዓመኒ ዝብል መራሒኡን ኣብ ዝሓፀረ መዓልታት ኣይፋል እንተዘይ ኢሉ መፍቶ ፀላእቲ ክንከውን ዝተረፈና የብሉን፣ ሕድሪ ስዉእ ብዘይምትግባሮም ክንደይ ጀጋኑ ዝተኸፈሉላ ሃገር ንባዕዳዊ የሕሊፎም ምሃቦም ቀዳሞት ተሓታቲ መራሒ ህግዳፍን ሰዓብቱን፣ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ኣባላት ህግደፍ’ዮም፣ መቐፀልታ ድማ ነቲ ቀንዲ መፍትሒ ሓሳብ ቅዋም ይተግበር ዝብል ሓዲጎም ብጀካ ስልጣኖም ካልእ ዘይዕጅቦም ንሕንፍሽፍሽ ዝዕድም መርገፅኦም ክውን ክገብሩ ንስልጣን ሃነፍነፍ ዝብሉ ዝኣረጉ መራሕቲ ናይገለ ተቃወምቲ ውድባትን’ዮም። ጎረባብቲ ሃገራት ብፍላይ ኢትዮጵያ ኣብቲ ኸባቢ

ዓብላሊት ክትከውንን፣ ወያነ ድማ ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ክትግብሩን በዓል ገብሩ ኣስራት ኣብ ዝተረኸበ ኣጋጣሚ ቀይሕ ባሕርና እንዳበሉ ዝልፍልፍዎ ዜማ'ዩ፣ እቶም ናይ ኤርትራ ተቓወምቲ ድማ ከጣቅዑ እምበር ክቃወሙ ኣይረኣናን። ከምኡ እንተዝኸውን ኔሩ ብዝወሓደ ወያኔ ነቶም ንብረቶም ዘሪፎም ጥራሕ እግሮም ዝሰጎጉዎም ኤርትራውያን ንብረቶም ብሕጋውን እዉጅን መንገዲ ከምዝምለስ ክገብርዎ ምስተገበኦም ኔሩ፣ ኣብቲ ግዜ'ቲውን ድምፆም ከስምዑ ኔሩዎም፣ ብመንፅሩ ነቶም ናይ ስሉሳት ሃገራት ዝህቡዎም መቑኡነን ክማቐሉ ጉባኤ ጌሮም ኢና ንሰምዕ። **ግዜ ከይዱ ኣብ ኣፍ ዕርበታ በፂሕና!!! ህዝበይ ከም ህዝቢ መጠንሲ ኩሉ እሾኽ ኮይኑና!!!** ንሕና ከም ህዝቢ ሳላ መስዋእትና እቲ ኣብ ዓለም ዘይከውን ከውን ከምዝኸውን ጌርና ተኣምር ስሪሕና። ዝኣመንናዮ ካብ ጠለመና መመኽነይታ ጌሩ ግዜ ክዕድግ ካብ ደለየ፣ ሃገርና ድማ ኣብ ምልክት ሕቶ ካብ ኣተወት፣ ከም ሃገራውያን መጠን ናትና ተራ እንታ`ዩ? ሳላ ብሉፃት ደቂ ሃገርን፣ እኩብ ድምር ቃልስን መስዋእትን ነፃነትና ረኺብና እምበር፣ ብናይ ሓደ ውልቀሰብ ተወፋይነት ከምዘይኮነ ኩላትና ንኣምነሉ ሓቂ'ዩ። እዚ ካብ ኮነ ሃገር ናይ ኩላትና'ያ፣ ኩላትና ኣብ ውሽጥን ወፃእን ዘሎና ኤርትራውያን ድማ ሽግር ናይታ ሃገር ብኸቢድ ይፀልወናን፣ ብሓደ ውልቀመላኺ ትምራሕ ምህላዋ ድማ ብዙሕ ገበናት ክፍፀም ሪኢናን ሰሚዕናን፣ ብውፂኢት ናቱ ድማ ቀፃልነት ናይታ ሃገር ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ኣሎ። ምዕራባውያንን ወያነን ሕጊ ብዘይምህላዉ ዝመረሮ ህዝቢ ምኽንያት ተጠቒሞም ንመንግስቲ ኤርትራ ኣውዲቖም ናቶም ኩርኩር ዝኾነ ስርዓት ክቖሙ ከምዝደልዩ ንዕዘቦ ኣሎና። እቲ ድልየቶም ንኸማልኡ ድማ ኣብ ምሽብሻብ ይርከቡ። ሃገር ኣብ ከምዚ ዝበለ ሕሞት እንከላ ስቕታ ንዝያዳ ጥፍኣት'ዩ ዝዕድም። መንግስቱ ሃይለማርያም'ኮ ሓደ ሰብን ሓንቲ ጥይትን ስጋብ ትተርፈኒ ክዋግእየ ከምዘይበለ ኣብ ዙምባቤ'ዩ ፈላሲ ኮይኑ`ዩ ዝነብር ዘሎ፣ ስለምንታይ እቲ ኩነታት እንዳተረዳኣና ይኣክል ዘይንብል። ሃገር ኣብ ሓደጋ'ያ ወዲቓ'ያ ዘላ፣ ካብ'ዚ ብምብጋስ ሰልፊ ዴሞክራሲ ኤረትራ **"ግዜ ኸለካ ግዜ ኣይትፀበ'ዩ"** ንውዲትን ተንኮልን ስሱዓት ንምፍሻል፣ ሕጊ ቕዋም ተግቢርና ካብ ምልኪ ናብ ዴሞክራሲ ንሰጋገረሉ እዋን'ዩ፣ በዚ መጠን ድማ ኩሉ ጉዱስ ሃገራዊ ኢድን ጋንትን ኮይኑ ሰኣን ሕጊ ትሕመስ ዘላ ሃገር ይኣክል ምልኪ፣ ሕጊ ቅዋም ተግቢርና ሃገርና ብሕጊ ትመራሕ ክብል ንፅውዕ።

ዘውልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!!!

ሕጊ ቅዋም ይተግበር ብዘይውዓል ሕደር!!!

ክፍሊ ዜና ሰልፊ ዴሞክራሲ ኤርትራ

**ንዝኾነ ሓበሬታ fthawit10@yahoo.ca ኢልኩም ለኣኹልና።**

# ሰልፊ ዴሞክራሲ ኤርትራ
# Eritrean Democratic Party

## ናይ ኣባልነት ፎርም     Membership Application Form

ስም ________________________________
**Name**
ኣድራሻ_________________________________
**Address**
ቴሌ_________________________ ኢመይል_______________________
**Tel. Email**
ዕለተ ልደት____________________ቦታ_________________________
**Date of Birth Place of Birth**
ፆታ________________ብሄር___________________________________
**Sex  M          F          Ethnicity**
መርዓ፣ ምርዕው     ዘይምርዑው
**M. Status Married Single Other**
ብዝሒ ቆልዑ_________________ደረጃ/ት________________________
**Nr. Children. Level of Education**
ስራሕ__________________________
**Occupation Worker Student Other**

ኣነ ክታመይ ኣብ ታሕቲ ሰፊሩ ዘሎ ኣመልካቲ/ት___________________________እዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ሓበሬታ ሓቂ ምኻኑ የረጋግፅ። ንቅዋምን ፕሮግራምን ሰልፊ ዴሞክራሲ ኤርትራ ኣንቢበ ተረዲኤዮን ተቐቢለዮን ኣለኹ። ንመትከላት ሰልፊ ከተግብር ከኽብርን ጉቡኤይ ከማልእን ቁሩብነተይ እንዳገለፅኩ ኣባል ሰልፊ ክኸውን የመልክት።

**I the undersigned applicant ------------------------------------------declare that the information provided above is true and correct. I have read, and understood, and consent to comply and implement the program and Constitution of Eritrean Democratic Party ( EDP ) and wish to be a member of the Party.**

ክታም ሓታቲ_____________________ ዕለት________________ ቦታ______________________
**signature          Date          Place**

ምሉእ ስም ኣብ ምምላእ ዝነበረ በዓል መዚ_________________________

ክታም፣________________ ዕለት፣____________________ቦታ፣_________________________

ኣብ ቶሮንቶ እዚ ፎርም መሊእኩም ብኣካል ከተረክቡዎ እንተደሊኹም ንዳዊት ሃብተ ተወከስዎ።
(647) 233-7610
ኣብ ዌብሳይት እንተደሊኹም ድማ **selfidemocracy.net** ኢልኩም ጠዊቕኩም ኣባልነት ወይ ድማ Membership form ኣብ ዝብል ጠውቑ።

**ንዝኾነ ሓበሬታ fthawit10@yahoo.ca ኢልኩም ለኣኹልና።**

**ፍትሓውነት ካብ ነብስኻ'ዩ ዝብገስ፣ እኩባት ፍትሓውያን ድማ ፍትሒ የንግሱ"**

## ሓበሬታ

ህዝቢ ኤረትራ ተሰማሚዑ ዘፅደቖ ሕጊ ቅዋም ይተግበር ዘይበልኩም፣ ወያኔ ንናይ ቦርደር ኮሚሽን ብይን ክትግብር ኣለዎ ኢልኩም ሰላማዊ ሰልፊ ንዑ ንግበር ተባሂልኩም ሓንጊድኩምሲ፣ ኣብ ናይ ሓደ እዋን ናይ ቶሮንቶ ህዝባዊ ኣኼባ ዓው ኢልና ክንዛረበሉ ኣይደለናን እምበር ሰራዊትና`ኮ ኣብ ጫድ ኣሎ ምባሉ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ጣቒዕት ድርጊሕኩሞ፣ ኣብ ናይ ሶማል ጉዳይ ምህላውና ዘደንገፀኩም ድኣ እንታዩ ምስጢሩ።

**ወይ እንጀራ ሕሱም**

**ዋዛ ምስቁምነገር**

"ኣንቲ መሓዛይ ሓደ ኮነረል ናይ ኤርትራስ እምበር 300 ሰራዊት ሒዙ ሱዳን ሃዲሙ ኢሎሞ" እዋይ ሰለስተ ሚእቲ ሰራዊት ሒዝካስ መንግስቲ ትቕይር እምበር መሪሕካዮም'ዶ ትሃድም፣ እዞም ናይ ኤርትራና ኮነረልሲ እምበርዶ ኮነረል'ዮም? ትለንተ ኣበራ ድኣ ኣብ ውግእ ሳእኑ ሓዲጉ ሃዲሙ ንሰምዕ ነበርና'ምበር፣ 300 ሰራዊት ሒዞም ይሃድሙ? ውይሊኡ ዝተሰወኤ እምበር ዝተሓንገረስ ኮነረል ተባሂሉ። ጀጋኑ ቐቢርካስ ግዴኻ ምስ በፅሔ ትሃድም። **"ወይ በዓል ኮነረል ጆቖጃቓት"**

# ***POLITICAL Party laws***

## *Draft Proclamation on the Formation of Political Parties and Organizations*

### *Chapter One - General Provisions*

*Article 1.*

*TitleThis Proclamation may be referred to as the "Proclamation on the Formation of Political Parties and Organizations No. 2001"*

*Article 2. Definition  Unless given another interpretation, in this Proclamation:*

*2.1 A political party or organization refers to an association set up by Eritreans, on the basis of the National Constitution and the regulations contained in this Proclamation, with a view to attaining political authority in a peaceful manner or undertake political and democratic activities to have a share in political power;*

*2.2 'Constitution' denotes to the Eritrean constitution;*

**ፍትሓውነት ካብ ነብስኻ'ዩ ዝብገስ፣ እኩባት ፍትሓውያን ድማ ፍትሒ የንግሱ"**

*2.3 State denotes to the State of Eritrea*

*2.4 National denotes to a person with Eritrean nationality;*

*2.5 People's position refers to any position, that is open to every citizen without any distinction whatsoever;*

*2.6 'Commission' denotes to the Commission specified under Article 58 of the Eritrean constitution;*

*2.7 'Supreme Court' refers to the court specified under Article 49 of the Eritrean Constitution*

***Chapter Two- Rights, Duties and Basic Principles of Political Parties and Organizations***

*Article 3. Rights*

*3.1 In accordance with the rights specified in the National Constitution and the principles and guidelines outlined in this proclamation, every Eritrean citizen has the right to set up a political party or organization or join any political party or organization on his/her own free choice or provide it support;*

*3.2 A political party or organization formed in accordance with this proclamation is entitled to participate in the nation's Political life ;*

*3.3 Any political party or organization shall have the right of access to or own newspapers and other media organs that are authorized to function on the basis of the country's Press Law in order to propagate its objectives and political views as well as its programs and activities;*

*3.4 Any political party or organization is entitled to make use of public venues in carrying out its activities, with the exception of the following:*

*· Sites and premises of Army, Security and Police organizations*

*· Sites and premises of Government institutions and administrative agencies*

*· Sites and premises of centres of learning with the exception of universities and institutes of higher learning Sites and premises of hospitals and other places where medical*

*services are provided*

*3.5 Offices and buildings owned by a political party or organization and in which it carries out its activities shall be exempt from all types of tax and excise duty. The same applies to any asset owned by such a political party or organization not related to trade and investment ventures.*

*3.6 Buildings and offices of a political party or organization as well as documents and correspondences shall not be subject to investigation, surveillance, search or confiscation except upon a supreme court decision. Likewise, its right of immunity is guaranteed.*

*Article 4. Duties*

*Any political party or organization that is authorized to operate in accordance with this proclamation shall fulfil the following duties:*

*4.1 Honour the constitution and other laws emanating from it;*

*4.2 By rejecting resort to any act of conspiracy and inciting conflict as a means of attaining or monopolizing political power, subscribe to peaceful transition of power;*

*4.3 Refrain from establishing military or semi-military structures or provide support to this effect through overt and covert means;*

*4.4 Refrain from any political activity or agitation aimed at promoting an organizational method based on divisive factors such as religion, nationality, language, ethnicity, gender, province and the like;*

*4.5 Follow an organizational strategy based on national level and not limit membership to certain geographical area;*

*4.6 Ensure that it does not fall prey to serving the interests of an external political authority or become its appendage;*

*Article 5 Basic Principles*

*Political parties or organizations shall adhere to the following principles:*

*5.1 Defend the nation's sovereignty and territorial integrity as well as the unity of its people;*

*5.2 Adhere to the rule of law and democratic norms, and thereby strive to promote as*

*well as consolidate these objectives;*

*5.3 Strive to safeguard the nation's peace, security and stability;*

***Chapter Three - Formation of a political party or organization***

*Article 6 Founders*

*The founders of a political party or organization shall meet the following conditions:*

*6.1 Must bear Eritrean nationality, be at least 25 years of age and fulfil all national obligations required by law;*

*6.2 Must be free of any major criminal charge;*

*6.3 Their numbers must not be less than one hundred ;*

*6.4 The permanent habitat of at least 85% of them must be inside Eritrea, and the majority of these must be the residents of at least four administrative regions;*

*6.5 In order that the composition and unity of the founders as well as their ethnic and religious identities may reflect the pluralistic nature of the Eritrean society:*

*a) At least 2/3 of them must originate from five nationalities at the minimum;*

*b) At least 1/3 of them must be followers of the Islamic or Christian faiths.*

To be continue.

# *BITWEDED ABRAHA*

*18 YEARS SOLITARY CONFINEMENT FOR A NATIONAL HERO!*

*Bitweded Abraha was born in Asmara (Edaga Hamus) in 1953 from his father Ato Abraha Asfaha and his mother Weizero Kidisti Teweldemedhin.*

*He attended school in Asmara until he completed his fifth grade. He continued his schooling (from grade 6 to 12) at St. George Secondary School in Mendefera. Long before he left for the field imbued with strong national feeling, he was working with Eritrean Peoples Liberation Front in underground operations of the town.*

*It was sometime in1972 when he applied for a job after the end of a school year to what was a Japanese copper mining company in Debarwa. But job offers depended on who one knows and he wasn't able to get one. He wrote a letter and gave it to the person responsible by hand. A school friend of Bitweded later said that the letter contained threatening material. His friend had told him not to deliver the letter and that he could be imprisoned; to which Bitweded replied, "Even if I am imprisoned, the truth will never be imprisoned. Moreover, you should know*

*that whoever puts me in prison will never sleep in peace."*

*Contents of the letter contained, "…maybe you have forgotten that this land belongs to Eritreans. You maybe working for a foreign company for now but you will see the truth tomorrow…"*

*Soon after, he was imprisoned for about two weeks and was released on bail. However, before he was due for a hearing and as part of his assignment to recruit fighters, he was taking 21 students from St. George Secondary School to join the armed liberation struggle when 2 of them changed their mind and returned from near Ala to Dekemhare and reported him to the authority. He left town before attending the hearing and joined the Eritrean People's Liberation Front in January 1973.*

*After completing his military training, he joined a fighting army in Sahel area and was engaged in battles At the end of 1974, he moved to the southern area of the Eritrean highlands and took army duties. In early 1977, he worked as a political commissar and after attending the first EPLF congress, he was voted as a non-permanent member of the Central Committee. Later, he became Head of the Department of Transport and worked in that position until the end of 1979.*

*He was then given the position of Deputy Head for the Department of Education. He was a talented leader. He strongly believed in education and raising awareness rather than using methods that reinforce military discipline and punishment. He encouraged and worked hard to implement and promote sports and cultural programmes and activities. His ability and devotion made him very popular with the fighters and especially among the younger generation.*

*When he was assigned to work in Revolution Schools, he made an immediate impact on the pupils. He managed to shift the urge to go to battles to spending some time on education, sports and cultural activities. Under his leadership, the ethos of 'criticism and self-criticism' which was divisive and which created animosities among pupils during the previous administration was abandoned. Children were taught to love, take responsibility and respect each other rather than merely criticise each other. His ideas and innovations were received with great enthusiasm and he was much loved and respected by his pupils.*

*His skilful and civil abilities focused on transforming and developing the fighter irrespective of age and gender. He was determined to change the methods to achieve these ends by opting for education and understanding rather using strict discipline and punishment.*

*In 1983, the EPLF declared a campaign to eradicate illiteracy. Bitweded Abraha became the head of the operation and managed the programme from his office at Adi Tsetser for quite some time. During the most difficult times of those years, he represented the Central Committee in areas behind enemy lines in managing military and educational operations. He was different from other leaders in that he didn't distance himself from the lower ranks. He was travelling to all fronts (north, south, east and west) to uplift the morale of the fighters and many of them still remember all these. He was relatively younger than most leaders of that time and he had a better approach in communicating and understanding the needs of ordinary fighters.*

*From education department, he was moved to the military section and became a branch head for military and food supplies. He was determined to promote and apply the practice of self-reliance. He managed to rear sheep and chickens and sell them to markets in Sudan; secured the purchase of writing pads, pens and pencils and incorporated these to bigger programmes. He set up training sessions to those in responsible positions. This was to upgrade their skills in managing their responsibilities. There are still fighters who thank him for helping them to acquire skills.*

*He also arranged the purchase of TV and video equipment to spread educational films and programmes and to help entertain and develop ordinary fighters.*

*In 1990, he was moved back to the military section.*

*He used his usual skills to lead, serve and encourage fighters in many battles. During the last years of the liberation struggle, he headed a commando unit and was engaged in battles in the vast expanse of eastern desert and, together with Gherezgiher Andemariam (Wuchu), led the fighting army to capture the Port of Assab.*

*When in Assab, although he was the Deputy Administrator, in reality, he was the administrator. He was administering the Dankalia region including the military personnel and civilian population. Gherezgiher Andemariam (Wuchu) was the Administrator but he was not skilled in civilian administration.*

*Bitweded is a courageous man. He is the type of person who speaks his mind and doesn't bow his head easily. It is this strong character that put him in conflict with Isayas and later contributed to his imprisonment.It all started not long after May 1991. Isayas Af-*

*werki, the then Secretary General of the EPLF, declared free access to the Port of Assab to the newly established Ethiopian government without due consultation with high-level Eritrean officials.*

*At that time, Bitweded Abraha was Deputy Administrator of Assab. He openly reminded and warned Isayas Afwerki of the blunders committed when Badme area was similarly put under Woyane administration back in 1984.*

*Later on, Isayas ordered Bitweded to let Ethiopia acquire all the assets it lost after the capture of Assab. Bitweded replied back by saying, "…these assets were captured and shouldn't be returned because it cost Eritrea the blood of young Eritrean martyrs…"*

*Isayas perceived Bitweded's strong opposition as an affront to his authority. That was when the weaving of traps to imprison Bitweded began in earnest.*

*Soon after, the Ethiopian government offered to pay the salaries for port and refinery employees of Assab. Bitweded again refused to accept the offer by declaring that Eritrea is an independent state and that the salaries should be covered by Eritrea. He insisted that both countries need to establish their relationship just like those terms done between nation states.*

*Eritrea's financial condition was in a poor state. Bitweded came up with an idea. He wrote a letter to Romadan Mohamed Noor, the then Head of that region.*

*There happened to be a large amount of bottled whisky in Assab. It was part of what was captured when the port was taken. Bitweded suggested that if these could be sold to Ethiopia, they could cover two to three months of salaries for those working at Assab port and refinery and help other Eritrean establishments run their activities in Assab. He added that each Eritrean fighter in Assab be given two bottles of whisky for free.*

*Romadan supported the idea and gave the permission by sending a letter to Bitweded.*

*Not long after, Isayas Afewerki and Meles Zenawi signed an agreement that allowed Ethiopia to use the facilities of the Port of Assab without restrictions. And again, Bitweded expressed his dissatisfaction and insisted on consulting and discussing these matters with concerned officials and on the need to base the relationship in accordance to the standard relations of two independent nation states.*

*The Ethiopian government was not at ease with these differences. There were some who heard Isayas and Meles talking about these inconveniencies in relation to Bitweded's reactions. It came to pass that Bitweded's strong stand translated to an accusation that sales from the bottles of whisky had been put to his [Bitweded's] personal use and on this unverified ground, Bitweded was put in prison in October 1991.*

*His imprisonment was not made public. For almost 6 months, his family and his colleagues in Army Unit 07 were kept in the dark. They were told he had left the country to study abroad. However, as it was later on revealed the main reason for the imprisonment of Bitweded was his popularity as it was so wide-spread among the fighters that it was believed to have something to do with threatening the power base of Isayas Afewerki. News about his imprisonment was also spread all over, but Bitweded couldn't defend himself. His name was tarnished but it didn't last long simply because there was no evidence to maintain the accusation.*

*Within a year of Bitweded's imprisonment, Ato Abraha Asfaha approached Isayas Afwerki and asked about his son's imprisonment. Ato Abraha was assured that his son would be released soon. It was only meant to delay his release.There was a time when Bitweded's father openly asked Isayas Afwerki to bring his son to a court of law. Ato Abraha Asfaha declared that "…his son is a person of good deeds and that many people know that. The Eritrean people are kind people and I would ask them to help me pay the fines if my son is charged and found guilty of embezzlement."*

*It is reported that Isayas Afwerki told the father to leave and was ill-treated by security officers before he left the offices. He could not pay any more visits to complain because security officers turned him away every time he tried.*

# ንፁር መርገጺ ሰልፊ ዴሞክራሲ ኤርትራ

ሕድሪ ስዉእ ክትግበር ኣለዎ

ሕጊ ቅዋም ክትግበር ኣለዎ

ኩሎም ናይ ፖለቲካ እሱራትን ጋዘጠኛታትን ነጻ ክልቀቑ

ወይ ኣብ ነጻ ቤትፍርዲ ክቐርቡ።

ነጻ ሕጊ ፕረስ ክእወጅ።

ዝኾነ ናይ ወጻኢ ሓይሊ ኣንጻር ኤርትራ ኩናት እንተወሊዑ ምስ ህዝብና ደው ክምንብል ነረጋግጽ።

ምስተቓወምቲ ዘሎ ፍልልይ ብዘተ ክፍታሕ ንኣምን።

Eritrean Democratic Party (EDP)

Website Adress Selfidemocracy.net







ንፍቁራትን ቤተሰብን ብሕቱው ቦታ ኣለኩም
ስፐሻል ዓሳ ኣቐዲምኩም ብምዱዋል ይዳለወልኩም
ብውሕሉላት ዝተዳለወ መግቢ ንኣዳም ገረምዩ ዘብል
ንዝኾነ ሓበሬታ(416)406-6342 ደውሉ
ኣድራሻና 950 ዳንፎርዝ ኣቬኑ ቶሮንቶ

- ናይ ብዕራይ፣ ናይ በጊዕ፣ ናይ ጤል፣ ናይ ደርሆ ስጋ ነቕርብ
- ኩሉ ዓይነት ቅመማቅመም፣ ጠስሚ፣ ኣዋዘ፣ መግቢ ነዳሉ
- ንመርዓ፣ ንግብዣ ኣገልግሎት ንህብ
- ንሓበሬታ (416) 850-4854
- ኣድራሻና 843 ዳንፎርዝ ኣቨኑ ቶሮንቶ







.ብሙሉኡን፣ብንፅልን ዝተፈላለየ ዓይነት ስጋ ነዳሉ

ኣድራሻና 801 ዳንፎርዝ ኣቨኑ.

(416)469-1577

. ሓዲሽ ዝተሰርሔ ቬጂ፣ ስፓይሲ፣ ፅብሒ፣ሻ ሂ፣ ቡን፣

. ቢልያርድ፣ ካልቾ ባሊና፣ሳተላይት ዲሽ ኣሎና።

. ኣድራሻና 1180 ብሉር ስትሪት ዌስት (416) 537 406



**African Paralegal Service**
**X- PoliceBob Blag & Dawit Habte**
**810 Bloor Street West**
**M6G 1L9 Toronto Ont.**
**Cell (647) 233-7610**
**dawilthabte07@yahoo.ca**

**Refugee Claim  Sponsership**
**Small Claim  Interpret & Translation**
**Divorce  Invitation Letter**
**Criminal charge  Pardon**
**Traffic Offence**
**Citizenship Application**

**Permanent Residence Application**

**Call For Appointment**




.ቅመማቅመም ፣እንጀራ፣ሲዲ፣ዲቪዲ ነካርን ንሽይጥን

. ቁርሲ፣ምሳሕ፣ድራር ነዳሉ

ኣድራሻና 260 ዳንዳስ ኢስት
(416)929 9116




.ብዘመናዊ ኣገባብ ዝተሰርሐ ንዓማዊል ዘሔጉስን ዘደስትን
. ቁርሲ፣ምሳሕ፣ድራር ነዳሉ
. ብፅሬቱን ትሕዝትኡን መስተንግዶቱን ዝተፈልጠ
. ኣድራሻና 1160 ዳንፎርዝ ኣቨኑ (416)406 4239




ቅመማቅመም ፣እንጀራ፣ሲዲ፣ዲቪዲ ነካርን ንሽይጥን
ቁርሲ፣ምሳሕ፣ድራር ነዳሉ
ኣድራና 326 ኪን ስትሪት ኢስት
(416) 364 9842







ብጣዕሚ መግብን፣ፅፈትን፣ ቅልጣፌን ዝተፈልጠ ቤት መግቢ ላሊበላ
ናብ ብሉር እንተኼድኩም 869 ብሉር ዌስት
ንዳንፎርዝ እንተኼድኩም 1405 ዳንፎርዝ ኢስት ኣለኩም።
ብሉር (416) 535-6615 ዳንፎርዝ (416) 645-0486

## Driving Instructor

ምምራሕ መኪና ብትግርኛ፣ኣምሓርኛ፣ብዓረብ

ንኽሕግዘኩም ዝዓበየ ክእለት ኣለዎ።

**call: Mohammed Adem**

**(Albeteli)**



**416-554-1939**

## ሳምስ ሬስቶራንት SAM'S RESTAURANT

ቃንጣ ፍርፍር፣ ፀብሒ ደርሆ፣ በቢዓይነቱ ጥብሲ
ፍረንች ፍራይስ፣ ባርቢክዩ፣ ቺክን ዊንግስ፣ ድራፍት ቢር
ፓትዮ ኣሎና'ሞ ንዑ ምፁ ክትዘናግዑ።

583 SHERBOURN STREET (416) 925-9998